## ምንቕቓሕ 5ይ ክፋል

### *ውጽኢት ምንቕቓሕ*

ኣምላኽ *ምንቕቓሕ* (Re-vival ) ተጠቒሙ ሱር-በተኽ ለውጢ ወይ ምቕያር (Trans-formation) ብእኡ ኣቢሉ ድማ *ምቕናዕ* (Re-formation) ቅድሚ ምምጽኡ ዝፍጸሙ ገለ ደረጃታት ኣለዉ። ሰብ ብውልቁ ብማሕበር ወይ ብሃገር ምስ ተነቓቕሐ ካብ ዘስዕቦም መሰረታዊ ለውጥታት ዝርኣዩን ዘይርኣዩን ብኻልእ ቃላት መንፈሳውን ግኡዛውን ተርእዮታት እዮም። ኣብዛ ሓጻር ጽሑፍና ነዚ ዘመልክቱ ክልተ ኣዝዮም ዝቀራረቡ ግነኽ ፍልልይ ዝርኣዮም ቃላት ክንርኢ ኢና። ኣብ ትግርኛና ብሓደ ምሕዳስ ዝብል ቃል ተጠቒምና ኢና እንትርጉሞም። የገዳስ እቲ ምሕዳስ ምጥቃምና ንክልቲኡ መንፈሳውን ግኡዛውን ከምዘስምዕ ተረዲኡና በቲ ነቲ ምሕዳስ ዝብል ቃል ተጠቒሙሉ ዘሎ ዓውዲ ክንትርጉሞ ኣይንሽገርን ኢና።

**Re-newal** ፡ ምሕዳስ፤ ዝነበረ መልክዕን ውቃበን ምምላስ ዝብል ትርጉም ዘለዉ ኮይኑ ቋንቋ ጽርኢ ኣናካይኖ (Anakaino) ሓድሽ ምግባር ዝብል ኣለዎ። ንዝኣረገ ነገርሲ ናብቲ ናይ ቀደም መልክዑ ምምላስ ከም ንዝደኸመ ክፍሊ ኣካላትና እንደገና ሓይሊ ከም ምልባስ የስምዕ። ቀያሕቲ ወሃዮታት ደምና ናይ 4 ኣዋርሕ ዕድመ'ዩ ዘለዎም፣ ኣብዚ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ኣብ ኣካልና ንዝርከቡ ከባቢ 60 ትሪልዮን ካልኦት ዋሃዮታት ይምግቡ፣ 250,000 ግዜ ምብጻሕ ምስ ኣካየዱ ድማ ናብታ ዝተፈጥሩላ ኣንጉዕ (bone marrow)ንኽሞቱ ይምለሱ፣(ምንጪ፡ *ሓዳስ ኤርትራ 04 ግንቦት 2014 ገጽ 2* ) እዚ ዑደት እዚ እቲ ምሕዳስ (*Re-newal*) እንብሎ ዘሎና እዩ። ቃል ኣምላኻዊ ኣብነት ንምሕዳስ (*Re-newal)* ጽቡቕ ኣብነት ዝህበና ነህምያ ክንወስድ ንኽእል። ዕዮ ነህምያ ነቲ ፈሪሱ ዝነበረ ቀጽሪታት የሩሳሌም ናብቲ ዝነበሮ ክኸውንን ክመስልን *ምሕዳስ* (*Re-newal*) ነበረ። ብተወሳኺ እዛ " *Re-newal* "እትብል ቃል ንመንፈሳዊ ኩነት ከም እኒ ውሽጣዊ ሰብካን ሕልናኻን ንእስነትካን (መዝ.13፡5 ) ክብርኻ (እዮብ 29፡20) ዝኣመሳሰሉ ድማ ተመልክት እያ።

**Re-storation**፡ ናብቲ ቀዳማይ ዋና (ወናኒ) ወይውን ቦታ (ስፍራ) ምምላስ፡ ካብ ኣካታስታቶስ (Akatastatos) ዝብል ቋንቋ ጽርኢ እተበገሰ ኮይኑ ቦታኡ ዝለቐቐ (ዝሓደገ)፤ እተወሰደ (እተሰርቀ) ነገር ናብ ቦታኡ ምምላስ ማለት ድማ እዩ። ኣብ መብዛሕትኡ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ብፍላይ ድማ ኣብ ሓድሽ ኪዳን እዛ " *Re-storation* " እትብል ቃል ከም ዘላታ ቃል ብቓላ እያ እትትርጎም። ንዝጭበጡ ወይ ዝድህሰሱ ወይውን ዝርኣዩ ከም እኒ ንብረት ትሕዝቶ ጥዕና መረት ወዘተ ዝኣመሳሰሉ እያ እተመልክት። ( ዘፍ. 42፡25፤ ቅነገ. 234፡ እዮብ 2፡1 ህዝቅ. 18፡7፡ ማር. 3፡5 ሉቃስ 19፡8) ዶ/ር እያሱ ተሐድሶ ንዝብል ቃል መጠቓለሊ ትርጉም ክህቦ ኸሎ ተሃድሶ ማለትሲ እተበላሸወን ቦታኡ ዝሓደገን ነገር ምዕራይ ምምሕያሽ ምልዋጥ ነቲ ዝበለየን ዝፈረሰን እንደገና ብምሕዳስ ከምቲ ዝነበሮ ምግባር፤ ነቲ ዝጠፍኣን ቦታኡ ዝለቐቐን ናብቲ ቀዳማይ ወይ መበቆል ቦታኡ ምምላስ እዩ ብምባል የብርሆ።(እያሱ ፈረንጅ (ዶ/ር 2004) *ዘመነ ተሓድሶ* ቤት ማሕተም ርሖቦት ኣዲስ ኣበባ ኣብ ገጽ 1)

**ሻሎም ኣለይኸም (ብእብራይስጢ שָׁלוֹם עֲלֵיכֶם ፡ ሰላም ንዓኹም ይኹን )**